# ብኸመይ መንገዲናይ መጓዓዝያ ሰነድኩም (ፓስፖርት)ተሐድሱ

መስርሕ ምሕዳስ ናይ መጓዓዝያ ሰነድ5ደረጃታትዝሓዘ እዩ፡

**1.** ብመንገዲ email ናይ ምሕዳስ ማመልከቻ ናብ ቤት ጽህፈት አገልግሎት ዑቅባ ይግበሩ፡

**2.** ብመንገዲ ፖስታ ሓላፍነታዊ ጽሑፋዊ ማመልከቻ (ብግሪክ υπεύθυνεςδηλώσεις) ወይ ድማ ብመንገዲ email ናብ ቤት ጽህፈት አገልግሎት ዑቅባ ይስደዱ፡

**3.** ብመንገዲ ናትኩም ውልቃዊ email ካብ ናይ ቤት ጽህፈት አገልግሎት ዑቅባ መምሪሒታት ናይ ደረጃታት4 ን5 መልሲ ክመጽአኩም እዩ፡

**4.** ተወሳኺ አድለይቲ ነገራት ናብ ቤት ጽህፈት ፓስፖርት (ወይድማ ቤት ጽህፈት ኢሚግሬሽን ብግሪክ አሎ ዳፖን)ከተአትዉ ይግባእ፡፡

**5.** ነቲ ዝተሓደሰ ናይ መጓዓዝያ ሰነድ ካብ ዞባዊ ቤት ጽህፈት ዑቅባ ወይድማ ካብ (ነብሱ ዝኸአለ ናይ ዑቅባ አገልግሎት አሃዱ)ትርከብዎ፡፡

አስተብህሉ፡ እንድሕር ንስኹም/ንስኸን በይነ_ወላዲ አብቲ ስድራ እንድሕር ኮይንኩም፡ወይድማ እቲ/እታ ካልእ ወላዲ ካብ ግሪክ ወጻኢ ዝርከቡ ኮይኖም፡ወይ ድማ አላዪ ዘይብልካ/ኪ ትሕተ ዕድመ እንተኮይንካ/ኪብመሰረት ናይቲ ትነብሩሉ አድራሻ ናይ ግድን ማመልከቻ ንምሕዳስ ናይ መጓዓዝያ ሰነድ አብ,**ዞባዊ ቤት ጽህፈት አገልግሎት ዑቅባ ወይ አብ ነብሱ ዝኸአለ አሃዱ**ክትገብሩ አለኩም፡፡ተወሳኺ ሓበሬታታት ካብ ዞባዊ ቤት ጽህፈት አገልግሎት ዑቅባ ወይ ካብ ነብሱ ዝኸአለ አሃዱክወሃበኩም እዩ፡፡

## 1

**ብመንገዲemail. ማመልከቻ ይግበሩ፡**

- ✓ ንምሕዳስ ናይ መጓዓዝያ ሰነድ ናይ ግድን ናብ ቤት ጽህፈት ኣገልግሎት ዑቕባ **αίτησηማመልከቻ**በዚ ኣብ ታሕቲ ብዘሎ ኤሌትሮኒካዊ ኣድራሻ ክትሰዱ ኣለኩም GAS.traveldoc@migration.gov.gr

- ✓ ኤሌትሮኒካዊማመልከቻ**ኣብዚ**ክትረኽብዎ ኢኹም ብቋንቋ ግሪክን ኢንግሊሽን፡፡

- ✓ ናይ ነብስ ወከፍ ናይ ስድራ ኣባላት ነናቶም email ከምኡውን ነናቶም ማመልከቻ ብውልቆም ክሰዱ ይግባእ፡፡

- ✓ ኣብቲ ትሰድዎ emailምስቲ ማመልከቻ ኣተሓሒዝኩም ኣብ ቀረባ እዋን ብመንገዲ ዲጅታል ናይ ፓስፖርት ስእሊ ተሳኢልኩም ልኣኹዎ፡

- ✓ እቲ «ኣርእስቲ»ናይቲemailናይ ግድን እዚ «Travel Doc Renewals»ክኸውን ኣለዎ፡ ከምኡውን ኣብቲ ኣርእስቲ ናይ ግድን ቁጽሪ ናይቲ ኣብ ኢድኩም ዝርከብ መንበሪ ፍቃድ ክትመልኡ ኣለኩም፡እቲ መንበሪ ፍቃድ ኣገልግሎቱ ዘይተወደኤ ክኸውን ኣለዎ፡ (ንኣብነት"Travel Doc Renewals P123456789").

  ብዝኾነ ኣጋጣሚታት ናይ መንበሪ ገዛን መራኸቢታት (ስልኪ ወዘተ) ኣድራሻ ምስ እትቕይሩ ናይ ግድን,**ኣብ ናይ ዓለም ለኻዊ ዑቕባ ሰብ መሰል ነብሱ ዝኸኣለ ናይ ዑቕባ ኣገልግሎት ኣሃዱ**ክትሕብሩ ኣለኩም፡

## 2

**ናይ ሓላፍነታዊ ጽሑፋዊ ማመልከቻ ብመንገዲ ፖስታ** ወይ ድማ ብመንገዲ email **ልኣኹ፡**

- ✓ ጎን ንጎኒ ናይ ሓላፍነታዊ ጽሑፋዊ ማመልከቻ**ብመንገዲ ፖስታ** ኣብ ኣድራሻ ናይ ፖስታ ልኣኹ፡፡

አገልግሎት ዑቅባ-ሚኒስትሪናይ ኢሚግሬሽንን ዑቅባንናብ ሰብ መሰላት ነብሱ ዝኸአለ ናይ ዑቅባ አገልግሎት አሃዱ (AKA Δικαιούχων,)ፓናዮቲስ ካነሎፑሉ 2(Π.Κανελλοπούλου 2,)ፖስታ TK 10177.

**ናይ taxisnet ቁጽሪ ኮድ ምስ አውጻእኩም ብዲጂታላዊ መንገዲ አብ ታሕቲ ተገሊጹ ዘሎ ድህረ ገጽ gov.gr ብኮድኩም ብምእታው ነቲ ሓላፍነታዊ ጽሑፋዊ ማመልከቻ (ብግሪክ υπεύθυνεςδηλώσεις)ማመልከቻ ክትገብሩ ትኽእሉ ኢኹም።**

**[https://www.gov.gr/ipiresies/polites-kai-kathemerinoteta/psephiaka-eggrapha-gov-gr/ekdose-upeuthunes-deloses](https://www.gov.gr/ipiresies/polites-kai-kathemerinoteta/psephiaka-eggrapha-gov-gr/ekdose-upeuthunes-deloses)**

ነቲ ዝገበርኩሞ መመልክታ ምስዚ ሓላፍነታዊ ጽሑፋዊ መመልከታ ብምግባር ናብዚ አድራሻ **email** ል አኹዎ። **:gas.traveldoc@migration.gov.gr**

✓ ብፉሉይናይ ሓላፍነታዊ ጽሑፋዊ ማመልከቻ ትሕትኡ :

- **ሓላፊነታዊ ጽሑፋዊ ማመልከቻ A′**(ወይድማ መወሰኸታ A′)አብዚ እቲ ተመልከትዎ ዝኾነ ይኹን ገበን ወይ ድማ ሓደጋ ከምዘይፈጸምኩምን ከምዘይተፈረድኩምን ብመመልከታኹም ትገልጹ ፡፡እንድህር ውላድኩም ዕድሚኡ ልዕሊ (15) ዓመት ኮይኑናይቲ ውላድኩም ልክዕ ከምቲ ናትኩም ሓላፍነታዊ ጽሑፋዊ ማመልከቻ ብምግባር ክልቴኹም ወለዲ አብቲ ዝገበርኩሞ ሓላፍነታዊ ጽሑፋዊ ማመልከቻ ክትፍርሙ ይግባእ፡ እቲ ሓላፍነታዊ ጽሑፋዊ ማመልከቻA′ አብዚበዘን ዝስዕባ ቋንቋታት ክትረኽብወን ትክእሉ ኢኹም፡፡ አምሓርኛ፣አረብ፣እንግሊሽ፣ፋርሲ፣ፈረንሳይ፣ፓስቶ፣ትግርኛ፣ኡርዱ፡

- **ሓላፊነታዊ ጽሑፋዊ ማመልከቻ B′**(ወይድማ መወሰኸታ B′) ነዚ ትሰዱሉ ምክንያት ናይ ትሕተ ዕድመ ውላድኩም ናይ መጓዓዝያ ሰነድ ጥራይ ከተሐድሱ ምስትደልዩ እዩ ፡፡አብ ከምዚ ኩነት እቲ ውላድ ንምሕዳስ ናይ መጓዓዝያ ሰነድ ከም ዝተሰማመኤ ዝገልጽ ሓላፍነታዊ ጽሑፋዊ ማመልከቻ ክትልእኩ አለኩም፡እዚ ማመልከቻ ብክልትኦም ወለዲ ክግበር አለዎ፡ሓላፍነታዊ ጽሑፋዊ ማመልከቻ B′ (ወይድማ መወሰኸታ B′)አብዚ በዘን ዝስዕባ ቋንቋታት ክትረኽብወን ትክእሉ ኢኹም፡፡ አምሓርኛ፣አረብ፣እንግሊሽ፣ፋርሲ፣ፈረንሳይ፣ፓስቶ፣ትግርኛ፣ኡርዱ፡

- ሓላፍነታዊ ጽሑፋዊ ማመልከቻ ናይ ግድን እቲ ሓቀኛ ፊርማ ክፍረመሉ አለዎ እቲ ትፍርሙሉ ቦታ ናይ ሓቀኛነቱ መረጋገጺ ዝግበረሉ፡አብ ናይ ዜጋታት አገልግሎት ማእከል (ΚΕΠ) ወይ ድማ ብኤሌትሮኒካዊ መንገዲ ብኮድ ናይ taxisnet ትኩም ብምእታው አብ ድህረ ገጽ gov.gr.ክትትግብርዎ ትኽእሉ ኢኹም፡፡

!

**ከምኡን ካልኦት**<u>**አገደስቲ ዝርዝራዊ ሓበሬታታት**</u>**አለዉ**ኣብ ላዕሊ ዘለዋ ክልተ ማመልከቻን ናይ ኤሌትሮኒካዊ ማመልከቻን ብዝምልከት ኣብዚ.<u>**ዝርዝራዊ መምሪሒታታ**</u> ኣንብቡእዚ መምርሒታት በዘን ዝስዕባ ቋንቋታት ክትረኽብወን ትክእሉ ኢኹም፡፡ ኣምሓርኛ፣ኣረብ፣እንግሊሽ፣ፋርሲ፣ፈረንሳይ፣ፓስቶ፣ትግርኛ፣ኡርዱ፡

3

**ካብ ኣገልግሎት ዑቅባ መልስን መምርሒታትን ክመጻኣኩም እዩ፡**

- ✓ ናይቲ ዝሰደድኩሞ ማመልከቻ ናይ ውልቃዊ email ኣድራሻኹም ልክዕ ምዃኑ ኣረጋግጹ፡
- ✓ ድሕሪ ቁሩብ እዋን ካብ ኣገልግሎት ዑቅባ ብመንገዲ email.ኩም <u>ሓደ መልሲ</u>ክመጽኣኩም እዩ፡እቲ መልሲ በቲ ዝርድኣኩም ቋንቋ እዩ ዝኸውን፡
- ✓ ብመንገዲ እዚ መልሲ ናይ መጓዓዝያ ሰነድኩም ተሓዲሱ ወይ ኣይተሓደሰን ክሕበረኩም እዩ፡ (ንምሕዳስ ዝምልከት ኣሉታዊ ወይ ኣዎንታዊ ውሳኔ ከምዝወጽኤ)ኣብቲ መልሲ መምርሒታት ዘካተተ ኢዩ፡
- ✓ እቲ ውሳኔ ንናይ መጓዓዝያ ሰነድኩም ምሕዳስ ኣዎንታዊ እንድህር ኮይኑ እብቲ ዝመጽኣኩም emailካልኦት ኣድለይቲ ነገራትን ሰነዳትን ሒዝኩም ናብ.<u>**ናይ ፖሊስ ቤት ጽህፈት ፓስፖርት (ወይ ናብ ቤት ጽህፈት ኢሚግሬሽን(ኣሎዳፖን))**</u>. ንክትከዱ ክሕብረኩም እዩ፡
- ✓ እቲ መልሲ ብፍሉይ ናብ ኣየናይ ፉሉይ ቤትጽህፈት ፖስፖርት(ወይ ናብ ቤት ጽህፈት ኢሚግሬሽን(ኣሎዳኖን))ክትከዱ ከምዘለኩምን ምስኹም እንታይ ክትሕዙ ከምዘለኩም ክሕብረኩም እዩ፡፡
- ✓ እንድህር ኣገልግሎት ዑቅባ ንናይ መጓዓዝያ ሰነድኩም ምሕዳስ ኣሉታዊ ውሳኔ እንድህር ኣውጺኡ፡ ብመንገዲemailናብ ኣየናይ ዞባዊቤት ጽህፈት ኣገልግሎት ዑቅባ ወይ ድማ ነብሱ ዝኸአለ ናይ ዑቅባ ኣገልግሎት ኣሃዱ ብምኻድ ነቲ (ኣይሕደስን)ዝብል ውሳኔ ንክትወስዱ መልሲ ክሰደልኩም ኢዩ፡፡

4

**ናብ ቤት ጽህፈት ፓስፖርት (ወይ ናብ ቤት ጽህፈት ኢሚግሬሽን(አሎዳፖን))አገደስቲ ነገራትን ሰነዳትን ምእታው፡**

✓ ናብ ቤት ጽህፈት ፓስፖርት (ወይ ናብ ቤት ጽህፈት ኢሚግሬሽን(አሎዳፖን))ክትከዱ ከለኹም ምሳኹም ሒዝኩሞ ክትከዱ ዝግብአኩም አድለይቲ ነገራትን ሰነዳትን እዞም ዝስዕቡ እዮም፡

- ካብ አገልግሎት ዑቅባ ዝተለአኸልኩም መልሲemail ብሕትመት መልክዕ
- ምስቲ መምርሒ ዝተሰደደልኩም ምስቲ ፋይል ተታሓሒዚ ዝተላእከ email፡
- አብዚ ቀረባ እዋን ዘለኩም ናይ መጓዓዝያ ሰነድኩም
- ናይ መንበሪ ፍቃድኩም (ΑΔΕΤ), ናይ ግድን አገልግሎቱ ዘይወደኤ ክከውን አለዎ
- ክልተ (2) አብ ቀረባ እዋን ዝተሳአልኩሞ ንናይ ግሪክ ፖስፖርት ዘገልግል ዓይነት ስእሊ፡
- ክፍሊትንምውጻእ ንናይ መጓዓዝያ ሰነድኩም ፡

!

ካብ ቤት ጽህፈት ፓስፖርት (ወይ ካብ ቤት ጽህፈት ኢሚግሬሽን(አሎዳፖን))ናይቲ ዘእተኩሞ አድለይቲ ነገራትን ሰነዳትን ከምዘእተኹም ዝገልጽ መረጋገጺ ሰነድ ክትወሃቡ ኢኹም፡እዚመረጋገጺ ሰነደ ክጠፍእ የብሉን ምክንያቱ ነቲ ዝተሓደሰ ናይ መጓዓዝያ ሰነድኩም ክትወስዱ ከለኹም ክትሕተቱ ኢኹም፡

5

**ውህበት ናይቲ ዝተሓደሰ ናይ መጓዓዝያ ሰነድ ካብአብ ዘባዊ ቤት ጽህፈት ዑቅባ ወይድማ አብ ነብሱ ዝኸአለ አሃዱ ቤት ጽህፈት ዑቅባ ፡**

- ✓ ከከም እትነብሩሉ አከባቢነቲ ዝተሓደሰ ናይ መጓዓዝያ ሰነድኩም ካብ ዞባዊቤት ጽህፈት አገልግሎት ዑቅባ ወይ ድማ ካብ ነብሱ ዝኸአለ ናይ ዑቅባ አገልግሎት አሃዱ ብምካድ ክትወስድዎ ኢኹም፡፡

- ✓ ብመንገዲ emailካብ ቤት ጽህፈት አገልግሎት ዝመጽአኩም መልሲ ነቲ ዝተሓደሰ ናይ መጓዓዝያ ሰነድኩምብፉሉይ አበየናይ ዞባዊቤት ጽህፈት አገልግሎት ዑቅባ ወይ ድማ (ነብሱ ዝኸአለ ናይዑቅባ አገልግሎት አሃዱ) ከይድኩም ክትወስዱ ከምዘለኩም ክሕብረኩም እዩ፡፡

- ✓ አብዚ ናይ መራኸቢታትመንገድን አድራሻን ተመልከቱ፡.ዞባዊ ቤት ጽህፈትን ነብሱ ዝኸአለ አሃዱ አገልግሎት ዑቅባ

- ✓ ናይቲ ዝተሓደሰ መጓዓዝያ ሰነድኩምንምውሳድ ናይ ግድን አብ መግለጺ ናይ አገልግሎት ዑቅባአብ ድሕረ ገጽ.ምሕዳስ ናይ መጓዓዝያ ሰነድ.ክትከታተሉ አለኩም፡

- ✓ አብ ነብስ ወከፍ እዋን ዝተሓደሱ ናይ መጓዓዝያ ሰነዳት ምስ ዝህልዉ መግለጺ ይወጽእ እዩ፡ናይ መጓዓዝያ ሰነድኩምከምዝተሓደሰ ንምፍላጥ ነቲ አብ ቀረባ እዋን ዝወጽኤ መግለጺ አብ.ምሕዳስ ናይ መጓዓዝያ ሰነድክትከታተሉ ይግባእ፡ብመሰረት ናይቲ አብ ቀረባ እዋን አብ ኢድኩም ዘሎ ቁጽሪ ናይ መጓዓዝያሰነድኩም

- ✓ እቲ መግለጺ ናይእቲ ቁጽሪ ናይ ቀደም ናይ መጓዓዝያ ሰነድኩም ምስወጸ አበየናይ መዓልትን ሰዓትንካብ አየናይ ቤት ጽህፈት እቲ ዝተሓደሰ ናይ መጓዓዝያ ሰነድኩምክትወስድዎ ከምዘለኩም ብተወሳኺ ይሕብር እዩ፡፡

- ✓ ከምቲ አብቲ መግለጺ ዝተሓበረ ናይ ግድን አብ ፍሉይ መዓልትን ሰዓትን ንናይ ዝተሓደሰ ናይ መጓዓዝያ ሰነድኩምክትወስድዎ ክትመጽኡ ይግባእ፡፡

- ✓ ናይ ግድን ባዕሉ/ባዕላክመጽኡ አለዎም፡ካልእ ሰብ ብምልአኽ ምውሳድ አይከአልን እዩ፡

- ✓ አብ ክልላዊ ቤት ፅሕፈት እውን ምስተአከብካ መሸፈኒ ኣፍን ኣፍንጫን ክትገብር ይግባእ።

**ነቲ ዝተሓደሰ ናይ መጓዓዝያ ሰነድኩምክትወስዱ ናብ ዞባዊ ቤት ጽህፈት ክትመጽኡ ከለኹም ናይ ግድን ምሳኹም ሒዝኩሞ ክትመጽኡ ዝግበአኩም  ኣድለይቲ ነገረትን ሰነዳት እዞም ዝስዕቡ እዮም፡**

- እቲ ናይ መወዳእታ እዋን ዘለኩም ናይ መጓዓዝያ ሰነድኩም
- ናይ መንበሪ ፍቃድኩም  (ΑΔΕΤ)ኣብ ኣገልግሎት ዝርከብ
- ዝወሰድኩሞ መረጋገጺ ሰነድ ካብ ቤት ጽህፈት ፓስፖርት/ ካብ ቤት ጽህፈት ኢሚግሬሽን(ኣሎዳፖን) (barcode). ሒዝኩሞ ክትመጽኡ ኣለኩም፡